ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ኢርትራ ዝተወርየ ተርእዮ ናዕቢ ብናይ ዓይኒ ምስክር ተረጋጊጹ

ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ብኻልኦት ኤትራዊ ዜና መርበባትን ብናሕርነትን ክፍኖ ዝቖነየ ናይ ሰራዊት ናዕቢ ዜና ንሓርነት ብናይ ዓይኒ ምስክራት ኣረጋጊጻቶ። እቲ ዝቕነየ ሓቤሬታ ክፋላት ናይ ሰራዊት ኤርትራ ጠለባት ከምዝቐረበን እቲ ጠለባት ከይተማልአ ዝኾነ ትእዛዛት ኣይንቕበልን ብማለት ኣድማ ኣካይዶም ከምዘለዉ ክሕበር ጸኒሑ። ናይ ህግደፍ ሽምገልቲ ክፈትሕዎ ፈቲኖም ከምዘይከኣሉ ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ናይ ንሓርነት ዜና ተቓሊሑ ነይሩ።

ሎሚ ዕለት ታሕሳስ 12 2008 ነቲ ናይ ሰራዊት ኣድማ ብኣካል ዝረኣዩ ናይ ዓይኒ ምስክራት ኣረጋጊጾሞ። እቲ ኣድማ ዝገበረ ሰራዊት ካብ ኮዓቲት ክሳዕ ዓረት ፣ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ዕርዲ (ድፋዕ) ሒዙ ከምዘሎ ተፈሊጡ'ሎ። ናይ ህግደፍ ናይ ጸጣታ ሓይልታት ናይ ጠለ በጊዕን ካልእ ነገራትን ናብ ከተማታት ንኸይኣቱ ይኸልክሉ ከምዘለዉ እቲ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ካብ ኤርትራ ንወጻኢ ዝኸዱ (ወይ ካብ ወጻኢ በጺሖም ዝምለሱ) ገያሾ ደቂቕ ፍተሻ ይካየድ ከምዘሎ እቶም ምንጪታትና ሓቢሮም። እቲ መንግስቲ ዝገለጾ ጉዳይ ኳ እንተዘየሎ ምንጭታትና እዚ ስጉምቲዚ ነቲ ኣድማ ዝምልከት ሓበሬታ ንኸይመሓላለፍ ንምግታእ ዝተወስደ ስጉምቲ ምኻኑ ንምግማቱ ከምዘየጸግም ገሊጾም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኦል_ኣፍሪካ.ካም ዝበሃል መርበብ ንሻባይት.ካም ተሞርኪሱ ከምዝሓበሮ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ሚኒስትራት ካቢነታትን ናይ ኣውራጃዊ ምምሕዳራትን ናይ ዞናታት ኣዘዝትን (ኮማንደራትን) ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣኼባ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ። እዚ ኣኼባ እዚ በቲ መንግስቲ ልሙድ ወይ ስሩዕ ተባሂሉ እኳ እንተጠቕሰ በዚ ተረኺቡ ዘሎ ናይ ሰራዊት ናዕቢ ዝምልከት ንምዝርራብ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ኣሎ።

ንሓርነት.ካም